ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ኣካል

ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ - ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

هيئة التنسيقِ المشتركة

الحـزب الديمقراطي الارتري - حزب الشعب الارتري

**JOINT CO-ORDINATION BODY**

**ERITREAN DEMOCRATIC PARTY- ERITREAN PEOPLE'S PARTY**

# መልእኽቲ ሓድሽ ዓመት 2009

# ንኹሎም ኣብ ውሽጢን ወጻኢን

# ዝነብሩ ኤርትራውያን፡

01.01.2009

*ነዚ ሓድሽ ዓመት 2009 ኣጋጣሚ ምኽንያት ብምግባር፡ ሓባራዊ ኣወሃሃዲ ኣካል ሰልፊ ህዝቢን ሰልፊ ዲሞክራሲን ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢን ኣብ ጽንኩር ኩነታት ንዝነብር ህዝብና፡ ሓድሽ ዓመተ-2009፡ ኣብ ትሕቲ ዲሞክራሲያዊ ስርዓተ ምሕደራ፡ ከፋት ሓድሽ ናይ ሰላም፡ ራህዋን፡ ለውጢን መዋእል ኪኾነሉ እናተመነና፡ እንቋዕ ኣብጽሓና ንብል።*

*እዚ ዝውዳእ ዘሎ ዓመት፡ ከም ቅድሚኡ ዝነበሩ ዓመታት፡ ህዝብና ብጸጥታ ኣልቦነት ዝተሳቐየሉን፡ መሰረታዊ ናይ ህላወ ጠለባት ፍጹም ዝሰኣነሉን ነይሩ። ኣብ ትሕቲ ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ስርዓተ ምልኪ፡ ሕገ-ኣልቦነት፡ ጃምላዊ ግህሰት መሰላት ወዲ-ሰብ፡ ደረተ-ኣልቦ ዕንወት ማሕበራዊ ክብረታትን ትካላትን፡ ከምኡ'ውን ምዝራግ ስድራቤታዊ ሂወት፡ ኣብ ምጽማሙ ዘይከኣል ደረጃ ደይቡ።*

*ካብዚ ኩነታት ብምብጋስ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ፡ ግዜ ከይተጸበየ፡ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ማዕርነትን፡ ጸጋን ዝሰፈና ሃገር ንምምስራት ምስ ዝቃለሱ ዘለዉ ናይ ለውጢ ሓይሊታት ክሓብርን፡ ዝከኣሎ ኪገብርን፡ ነዚ ኣጋጣሚ ብምጥቃም፡ ንጽውዕ። ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ይካየድ ኣብ ዘሎ ሓያል ቃልሲ ናይ ምስታፍ ጻውዒትና፡ ብፍላይ፡ ናብ ክልተ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝቐንዐ ኢዩ፡-*

- *ናብቲ፡ ንህዝቡ ዝኣተዎ መብጽዓ ዘይተማልኣሉ፡ ግን ከኣ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ክቡር ዋጋ ዝኸፈለ፡ ናይ ግዜ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ወለዶን፡*
- *ነቲ፡ ክንዲ ናብ ጸጋን ማሕበራዊ ፍትሒን ዝሰጉም ዲሞክራሲያዊ ሃገርን ባህሊን ምውራስ፡ ንድንቁርና፡ ግዱድ ዕዮን ዕስክርናን፡ ማእሰርቲ፡ መፈጸምታ ዘይብሉ ምዝንባል፡ ስደትን ሞትን ዝተቓልዐ፡ ናይ ድሕረ-ናጽነት ወለዶ።*

ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ፣ ንጡፍ ተሳትፎ ናይዞም ክልተ ክፉላት ሕብረተሰብ ኤርትራ: መዐቀንን ውሕስነትን ዓወት ምዃኑ ኣይንጠራጠረሉን።

ዓመታት ወሲዱ ኣብ ኣጋ ምዝዛም በጺሑ ዝርከብ መስርሕ ሓድነት ክልቲኡ ሰልፈታትና፣ መጀመርታ ነቲ ምኽኑይ ዘይኮነን፣ ዓቕሚታትና ኣብ ምድኻም ዓቢ ተራ ዝጻወትን፣ ምብዛሕ ውድባት፣ መኽተሚ ዝገብር ስጉምቲ ኪኸውን ዘሎና እምነት ልዑል ኢዩ። ብዝለዓለ ደረጃ፣ ኣብ ትሕቲ ንጽል ፖለቲካዊ ራኢይን ፕሮግራምን ሓደ ውድብ/ሰልፊ ንምፍጣር፣ ብዝተሓተ ከኣ ሰፊሕ፣ ንጹር ሓባራዊ ሃገራዊ ዕላማታት ዘለዎ፣ ልፍንታዊ/ጽላል ውድብ ንምምስራት፣ ዕቱብ ሓባራዊ ስጉምቲታት ብምውሳድ፣ ንደልዮን ንትስፈዎን ደረጃ ሓድነት ክብጻሕ ይከኣል ኢዩ ዝብል ውዕዉዕ እምነት ኣሎና። ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ውድባት ዝግበር ምቅርራብ፣ ምውህሃድን፣ ሓድነትን፣ ብህድኣትን ምሉእ ኣባልነት ውድባት ዘሳትፍን ምስ ዚኸውን፣ ናይ ምዕዋት ውሕስነት ኣለዎ። በዚ ኣገባብ ኢዩ ኣብ መንጎ ውድባት ኣለዉ ናይ ዝበሃሉ ዝፈላልዩን ዘቀራርቡን ጉዳያት ብዕትበት ክልለዩ፣ ክዝተየሎምን፣ ፍታሕ ክርከበሎምን ዝከኣል።

ኣብ መዛዘሚ፣ ናይ ሓባር ኣወሃሃዲ ኣካልን ምሉኣት ኣባላት ክልቲኡ ሰልፈታትን፣ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ምስ ዝርከቡ ኤርትራውያን ውልቀ ባእታታት፣ ጉጅለታትን፣ ውድባት፣ ኢድ ንኢድ ብምትሕሓዝ፣ ንቃልሲ ደምበ ተቓውሞ ንምሕያል ዘለዎም ውሳነ የሐድሱ። ከምኡ'ውን፣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፣ ንሓድሽ ዓመት 2009፣ ጉዳይ ናይ መላእ ህዝብና ሓድነትን ዓወትን ብዝመባጸዕ መደባት ይቕበሉዎ ምህላዎም ንገልጽ።

**ርሑስን ዕዉትን ሓድሽ ዓመት 2009**
**ንህዝቢ ኤርትራ!!**

መስፍን ሓጎስ፣
ኣቦ መንበር፣
ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ



ወልደሱስ ዓማር፣
ኣቦ መንበር፣
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

